# ብዛዕባ ጸገማት ምጽሓፍን ምንባብን ታሪኽ




ሄሮዶት ሄራቅሊጥስ




ፍረደሪክ ሄግል ካረል ማርክስ

ዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

## መእተዊ

እዛ ወረቐት እዚኣ ብዝያዳ ንኽትዕ ዝቐርቡ ሕቶታት'ምበር፡ ነቶም ዘጋጥሙ ሽግራት መፍትሒ ዝኾኑ መልስታት ኣይተቐርብን እያ። ምኽንያቱ ብርእይቶይ ግብራዊ፡ ክውንነታውን ቅኑዕን መልስታት ብሓደ ሰብ ዝመጽእ ወይ ኣብ ሓደ ሓባራዊ ዘተ ዝበርህ ዘይኮነ፡ ከም ናይ ምጽሓፍን ምንባብን ታሪኽን ካልእን ጸገማትን ቅኑዕ ፍታሕ ዝርከቦም ብቐጻልን ቀሊዕን ዘተ'ዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ።

ንኣርእስቲ እዛ ወረቐት'ዚኣ እንተ ተዓዚብና'ውን ንኹሉ ጸገማት እተቐርብ ዘይኮነት፡ ነቲ ገለ ወገናት ከም ርዱእ ዝወሰድዎ ገለ ጸገማት ጥራሕ'ያ እተቐርብ። ይኹን'ምበር ንገለ ርዱእ ዝኾነ ጉዳይ፡ ንኻልኦት ጸገማት ክኸውን ከም ዝኽእል መጠን፡ ብእኡ ደረጃ ድማ ንገለ ጸገማት ዝኾነ ንኻልኦት ርዱእ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ታሪኽ (history) ናይ ዝኾነ ህዝቢ ሓባራዊ ተዘክሮ እዩ። ታሪኽ (History) ናይ ምሉእ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ከም ምዃኑ መጠን፡ ታሪኽ ኩሉ ወድ ሰብ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ እንኮ ንኹሉም ስነ-ፍልጠታት ዝሓቑፍ ስነ ፍልጠት፡ እቲ ካብ ታሪኽ ባህርን ታሪኽ ወድ ሰብን ጀሚሩ ክሳብ ታሪኽ ሕብረተ ሰብ ምስ ኩሎም ጨንፈራቱን ጸገማቱን ንስነ ፍልጠት፡ ስነ ሕብረተሰብ፡ ስነ ኣእምሮን ፍልስፍናን ወዘተ. . ዝሓቑፍ ታሪኽ ስለ ዝኾነ'ዩ።

ታሪኽ ኣይርስዕ ኣይምሕር።
ተራኺ ግን ይርስዕን ይምሕርን እዩ።

ኣብዚ ዝለዓለ ሕቶ እምበኣር፡ ብዘይ ተራኺ ታሪኽ ዝበሃል ክህሉ ይኽእልዶ? ዝብል ኮይኑ፡ መልሱ እወ እዩ። ምኽንያቱ ውልቃዊ ይኹን ሓባራዊ ተዘክሮ፡ ነቶም ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ዝፍጸሙ ፍጻመታት ስለ ዝምግቦም። ቅድሚ ምጅማር ጽሒፈት ይኹን ድሕሪኡ እንተ ርኢና'ውን ብሳላ'ቲ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ዝመጸ፡ ብቓሊል ዘይግመት ኣብ ታሪኽ ወድ ሰብ ክዕቀብ ተኻኢሉ እዩ። እዚ ድማ ዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣሎዎ። ግድን ኩሉ ፖለቲካዊ ጉዳይ'ኳ እተን ዘይኮነ፡ ፖለቲካ ግን ዝዓበየ እጃም ኣሎዎ።
ብዘይ ተራኺ ታሪኽ'ኳ እንተ ሃለወ፡ ብኣንጻሩ ግን ናይ ታሪኽ ታሪኽ ወይ ፍልስፍና ታሪኽ፡ ብዘይ ናይ ፍላስፋታት ተራኺ ወይ ተረኽቲ ፍልስፍና ፍላስፋ ክህሉ ኣይክእልን።

## ሌላ ብዛዕባ ታሪኽ

1-ኣቦ ታሪኽ፡ ሄሮዶቱስ ካብ 480 ክሳዕ 425 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነበረ፡ ኣብ'ቲ ቐዳማይ ታሪኻዊ ስራሓቱ ንታሪኽ'ዩ ኣላልዩ። ''ፍጻሚታት ካብ ተዘክሮ ምእንቲ ከይጠፍኡ'' ብምባል ድማ ዝጸሓፎ ነይሩ። ፍጻመታት ካብ ተዘክሮ ንኸይጠፍኡ ወይ ከይምሓዉ ምጽሓፍ ንባዕሉ ታሪኽ'ዩ እኳ እንተ ዘይተባህለ፡ ሕመረት ናይ'ቲ ታሪኽ እዩ።

2-ዓብደልራሕማን ብን ኸልዱን ካብ 1332 ክሳዕ1406 ዝነበረ፣ ንታሪኽ ኣብ ምልላይ ዕቱብ ጻዕሪ ኣካይዱ። ኣብ ምጽሓፍን ምርዳእን ታሪኽ ሓድሽ እምነ ኹርናዕ ኣንቢሩ። ንታሪኽ ብኸምዚ ዝስዕብ ድማ ይገልጾ፦



ዓብደልራሕማን ብን ኸልዱን

-ስነ ጥበብ ታሪኽ፣ ወለዶታትን ህዝብታትን ዝወራረስዎ ሓደ ካብ ስነ ጥበባት ከም ዝኾነ፣

-ሰባት ምእንታኡ ከም ዝገሹን ዝወፍሩን፣

-ተራ መደርትን መሃይማንን ንምፍላጡ ከም ዝህንጠዩ፣

-ኣብ ምፍላጡ ምሁራትን መሃይማንን ማዕረ ከም ዝኾኑ፣

-ብግዳሙ ዜና ከም ዘመሓላልፍን ፍጻመታት ከም ዘንጸባርቕን፣

-ብውሽጡ ህይወታውያንን መትከላቶምን ብደቂቕ ከም ዝትንትንን ዘረድእን፣

-ስነ ፍልጠት ፖለቲካን ሕብረተ ሰብን ንታሪኻዊ ፍጻመታት ንምርዳእ መሰረት ዘቑሙ ከም ዝኾኑ፣

-ንኽውንነትን ጠንቅታቱን ብዕምቈት ዘረድእ ስነ ፍልጠት ስለ ዝኾነ፣ ዝህቦ ፍርዲ ናይ ብሓቅን ስነ ፍልጠታውን ከም ዝኾነ፣

-ስነ ጥበብ ታሪኽ ብዙሕ ረብሓን ክቡር ዕላማን ዘሎዎ ዝኸበረ እምነት ከም ዝኾነ፣

-ናይ ካልኦት ኣዎንታታትን ኣሉታታን ብምቕራብ ከም ዝምህር፣

-ንሓበሬታ ምስ ኩሉ ጉድለታቱ ከም ዘሎዎ ምምሕልላፍ እቲ መብዛሕትኡ እዋን ንተረኽቲ ኣብ ጌጋ ዘውድቕም ተርእዮ ከም ዝኾነ።

## ቀዳማይ፦ ብዛዕባ ጸገማት ምጽሓፍ ታሪኽ

### ዓይነታት ታሪኻዊ መጽናዕታት

1-ንሓደ ዝተወሰነ ጉዳይ ኣብ ዝግበር መጽናዕቲ፡ ንኣብነት ኣብ መስርሕ ሰውራ ኤርትራ፡ ብዛዕባ ዕምቈትን ትርጉምን እቲ ብ20 መጋቢት 1988 ዝተጋህደ ምሕራር ከተማ ኣፍዓበትን ምፍራስ ወተሃደራዊ ግንባር ኢትዮጵያ ናደው እዝን ብኹሉ መኣዝናቱ ምብራህ፡ ትሕተ ቕርጹ ምዝርዛር፡ ዝተፈላለየ ዕምቈት ብዘሎዎ ዳይናይሚካዊ ጉዑዞኡን መጻኢ ኣንፈቱን ምቕራብ የድሊ።



Basil Davidson

ነዚ ስርሒት'ዚ እንግሊዛዊ ተመራማሪ ታሪኽ፡ ባዚል ደቪድሰን (1914-2010) ምስ'ቲ ፍሉጥ ዓወት ድያን ቢያንፉ እዩ ኣነጻጺርዎ። ምኽንያቱ ድሕሪ ዞባውን ኣህጉራውን ምትእትታው ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብ1978 ዘሕለፎ ውሳነ ስትራተጅያዊ ምዝላቕ፡ ብወተሃደራውን ታሪኻውን መዳይ ሓቅነቱ ዘረጋገጸ ፍጻመ ብምንባሩ። ብሳላ'ዚ ልቦናዊ ውሳነ'ዚ ኸኣ ሰውራ ኤርትራ ኣብ'ታ ብሰንሰለታዊ ኣኽራናት ዝተኸበት ድሕሪ መስመሩ ዝነበረት ከተማ ናቕፋ ብምዕራድ፡ ሰብኣዊ ዓቕሙን ኣጽዋራቱን ከውሕስ ክኢሉ። በዚ ስልት'ዚ ድማ ኢትዮጵያ ሓይሊ ኣየር፡ ከበድቲ ኣጽዋር፡ ታንክታታን ሮኬታታን ኣድማዕነት ከም ዘይህልዎ ገይሩ። ነቲ ብሕብረት ሶቬት ነበር፡ ምብራቕ ጀርመን ነበር፡ ኩባን ደቡብ የመን ነበርን ዝሕገዝ ዝነበረ፡ ሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ ዘንቀደ ዓሰርተ ተኸታተልቲ ወራራት ዘካየደ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ካብ 1978 ክሳዕ 1988 ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት ኣዳኺሙ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ብኣጽዋርን ዓቕሚ ሰብን ዝተዓጻጸፎ ሓይሊ ጸላኢ ደምሳሲ መጥቃዕቲ

ብምፍናው ንክላሲካዊ ወተሃደራዊ ሓይሊ ሚዛን ካብ መሰረቱ ለዊጡ። ንዓንዲ ሕቖ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብምስባርን ንኣፍዓበት ሓራ ብምውጻእ ድማ ንስትራተጅያዊት ምጽዋዕ ብ8 የካቲት 1990 ሓራ ዝገበረ ታሪኻዊ ስርሒት ፈንቅል ድልዱል ባይታ ፈጢሩ። ብ27 ግንቦት 1991 ንወደባዊት ከተማ ዓሰብ ሓራ ብምውጻእ ከኣ ንምሉእ መሬት ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ገይሩ።

2-ክሮኖሎጅያዊ መጽናዕቲ፡ ማለት ቅደም ተኸተል ግዜ ብምሕላው ታሪኻዊ ፍጻመታት ምጽናዕ። ንኣብነት ታሪኽ ኤርትራ ካብ እዋን መግዛእቲ ክሳብ ናጽነት ብቕደም ተኸተል ካብ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ምምሕዳር እንግሊዝ፡ ፈደረሽን፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ሰውራ ኤርትራን ዝትንትን መጽናዕቲ ምድላው።
3-ኣብ መስርሕ ታሪኽ ንዝተወሰነ ጉዳይ ምጽናዕ፡ ንኣብነት ኤርትራዊ መንነት ኣብ ውሽጢ ሓደ ምሉእ ክፍለ ዘመን ከመይ ኢሉ ከም ዝበርሀ፡ ብዛዕባ'ዚ "ኤርትራ፡ ታሪኽ ሃገርን ቃልሲ ህዝብን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ መጽናዕቲ ኣዳልየ። ኣብ'ዚ መጽናዕት'ዚ ንታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ስነ-ኣእምራውን ዕምቈቱ ከብርሆ ፈቲነ።

**ንጸሓፊ ታሪኽ ዘጋጥሙ ሓደ ሓደ ኣብነታት ጸገማት፦**

1-ጸሓፊ ታሪኽ፡ ከም ታሪኽ፡ ስነ ፍልጠት፡ ፖለቲካ፡ ስነ ቑጠባ፡ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት፡ ፍልስፍና፡ ስነ ኣእምሮን ጂኦግራፊን፡ ዝኣመሰሉ መሳርሒታት ታሪኽ ዝተዓጥቀ ክኸውን ይግባእ። ተራኺ ብዝተኻእለ መጠን ሰፊሕ ባህላዊ ኣፍልጦ ክውንን ይግባእ።

2-ጸሓፊ ታሪኽ ብዝተፈላለየ ምኽንያታትን ድፍኢትን ብዛዕባ ታሪኻዊ ፍጻመ ንምስናድ ናብ ጌጋ ክብጽሕ ዝኽእል ምኽንያታትን ስምዒታትን ተበጊሱ ምስ ዝጽሕፍ ኣብ ጌጋ ይወድቕ።

3-ብዝሒ ሓበሬታን መጽናዕታትን ብኣንጻሩ ድማ ሕጽረትን ዋሕድን ሰነዳት። ብዛዕባ ሰውራ ቦልሸቪካውያን ብዓሰርተታት ቋንቋታት ኣሽሓት መጻሕፍቲ  ተደሪሶም እዮም። ስለ ዝኾነ ተራኺ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ሓድሽ ስነ ፍልጠታዊ ተሳትፎ ከበርክት ዝኽእል ታሪኻዊ መጽናዕቲ ክጽሕፍ ምስ ዝደሊ፡ ብመጀመርታ ንኹሉ'ቲ ብዛዕባ ሰውራ

ቦልሸቪካውያን ዝተጻሕፈ መጻሕፍቲ ክውከስ ይግባእ፣ ብድሕር'ዚ መደባቱ ይጅምር። እዚ ዝኾነሉ ግን ፍሉይ ሰነድ ዘይረኸበ ምስ ዝኸውን እዩ።

4-ንገለ ጉዳያትን ሰውራታትን ንኣብነት ብዛዕባ ሰውራ ኤርትራ 1961-1991 ንምጽሓፍ፡ ንጸሓፊ ታሪኽ ዘጋጥሞ ሕጽረት ሰነዳትን ዋሕዲ መወከሲታትን እዩ።
5-ምሕራይ (ምልላይ)፦ ተራኺ መብዛሕትኡ እዋን ሓቅነት ናይ ሓደ ርእይቶ ንምርግጋጽ ወይ ድማ ንሓደ ጉዳይ ንምጥዋይን ንምጉሳይን ወዘተ. . . ናይ ምሕራይ ኣገባብ'ዩ ዝኽተል።

6-ባዕላውነት፦ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታዊ፡ ማሕበራዊ ወይ ስነ-ኣእምራዊ ወዘተ. . . ኩነታት ናብ ባዕላዊ ኣጸሓሕፋን ውድዓውነት ዘይሓለወን መጽናዕቲ እዩ ዘምርሕ። ነቲ ሓቂ ንምጽሓፍ'ውን ኣየኽእልን። ይኹን'ምበር ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር፡ እቲ ታሪኻዊ ሓቂ ኣብ'ቲ ቕኑዕ ቦታኡ ከም ዝመጽእ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

7-ምጽጻይ ፖለቲካዊ ሕሳባት፦ ገለ "ታሪኻዊ" ጽሑፋት ንታሪኽ ንናይ ሕሉፍን ሓድሽን ፖለቲካዊ ሕሳባት ክብሉ ከም ናይ ምጽጻይ ሜዳ ይጥቀምሉ።



ረነ ደካርት

8-ኣቐዲምካ ምዕጋብን ፍርዲ ምሃብን፦ መብዛሕትኡ ግዜ ንናይ ጸሓፊ ታሪኻዊ ዕዮ ዘበርዕን ተግባር እዩ። ምኽንያቱ ነቲ ታሪኻዊ ሓቂ ንኽይርኢ ስለ ዝጋርዶን ኣንጻር ዕግበቱ ስለ ዝኸውንን ምስቲ ኣቐዲሙ ፍርዲ ዝሃቦ ስለ ዝገራጮን። ስለዚ ጸሓፊ ታሪኽ በቲ ፈላስፋ ረነ ደካርት (René Descartes 1596-1650) ዝመስረቶ ናይ

ምጥርጣር ኣገባብ  ዝተዓጥቀ ክኸውን ይግባእ። ሓደ ተመራማሪ ካብ ኩሉ ዓይነት ቅድመ ፍርድን ዕግበትን ናጻ ኾይኑ፡ ኣብ ርዱእ ታሪኻዊ ጉዳይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ኩሉ ውልቃውን ሓፈሻውን ታሪኻዊ ዕግበታት ምጥርጣር መሰረት ብምግባር ብቕኑዕ ስነ ፍልጠታዊ ኣጀማምራ ክጅምር ይግባእ። ኣብ ቅጥዒ ዘሎዎ ምጥርጣር ብምምርኳስ ብስነ ፍልጠታዊ መንፈስ ክጅምር የድሊ። ምጥርጣር ከም ኣገባብ እምበር ዕላማ ኣይኮነን።

9-ሕጽረት ስነ ፍልጠታውን ታሪኻውን ቅጥዕታት፦ ቡሶላ (ኮምፓስ) ዘይምህላው፡ ካብ ባዕላውነት ናጻ ዘይምኳን፡ ብውድዓዊ ነቐፌታዊ መንፈስ ዘይምቅያድ፡ ቅቡል ግዳማዊ መልክዕን ውሽጣዊ ህንጻን ዘይምህላው፡ ነቲ መጽናዕቲ ዘይተተንተነን ዘይተዘርዘረን ብሓጺሩ ዘይስነ ፍልጠታውን ስርዓት ዘይሓዘን ይገብሮ። ከምቲ ፈላስፋ ብሌዝ ፓስካል (Blaise Pascal) ካብ 1623 ክሳዕ 1662 ዝነበረ ዝበሎ ከኣ፡ “ክፋላት ከይፈለጥካ ንምሉእ ክትፈልጥ ዘይክኣል፡ ንምሉእ ከይፈለጥካ’ውን ክፋላት ክትፈልጥ ዝከኣል ኣይኮነን።”

## ኤርትራዊ ታሪኽ

ብዛዕባ ታሪኽ ኤርትራ ኣርባዕተ ትዕዝብታት ክምዝገብ ይከኣል።

**ቀዳማይ ትዕዝብቲ፦** ብብርዕታት

1-ኢጣልያ 2- ዓባይ ብሪጣንያ 3- ኢትዮጵያ (ዘመነ ሃጸይ ሃይለ ስላሰ፡ ደርግ፡ ወያነ) 4- ዓረብ 5- ብምዕራባውያን ዝተጻሕፈ ታሪኽ።

መብዛሕትኡ እዚ ታሪኻዊ ጽሑፋት’ዚ ገሊኡ ብናይ ባዕዳዊ ትንተና ዝተጻሕፈ ክኸውን እንከሎ፡ እንሓንሳእ ድማ ብናይ ታሪኻዊ ሓቅታት ዝተዓብለለ ወይ ብኣንጻሩ ይርከብ።

**ካልኣይ ትዕዝብቲ፦** ብኤርትራውያን ዝተጻሕፈ ታሪኽ

**1-ውድባት ሰውራ፦** ንመድረኽ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝገልጽ ብውድባት ሰውራ ኤርትራ ዝተጻሕፈ ታሪኻዊ መጻሕፍቲ፡ በቲ ሽዑ ኣብ መንጎኣን ዝነበረ መጉታዊ ውድድር ዝተገዝአ ብምኳኑ፡ ንገዛእ ርእሱ ዘዕብን ዝንእድን ነቲ ካልእ ድማ ዘቃልልን ዝነኣእስን ነይሩ።

**2-ውልቀ ሰባት፣ ኤርትራውያን ፖለቲከኛታት፦** "ታሪኻዊ" ጽሑፋቶም ብውልቃዊ ሕሳባት፡ ንገለ ጉዳይ ናይ ውልቅኻ ጌርካ ምቕራብን ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ውድባዊ ጸግዒ ብምሓዝን'ዩ ዝልለ። ኣብ'ዚ መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ፖለቲከኛ'ዩ ነቲ ትረኻ ዝዕብልሎ፣ ሳሕቲ ድማ ብኣንጻሩ።

**3-ኤርትራውያን ጸሓፍቲ (ተረኽቲ)፦** ምስ ኩሉ ዋሕዶም መብዛሕትኡ ድርሰታቶም ከምቲ ካልእ ብውድባዊ እምነቶም፡ ፖለቲካዊ ስምዒታቶምን ስነ ሓሳባዊ እምነቶምን ዝተዓብለለ እዩ። ተራኺ ናይ ግድን ኣይኮነን ካብ መበቈሉ ክወጽእ፡ እንተኾነ ኣብ ጽሑፋቱ ከም'ቲ ፍላስፋ ኣሪስቶትል (Aristotle) ካብ 384 ክሳዕ 322 ቅ.ል.ክ. ዝነበረ "ኣፍላጦ እፈቱ'የ፡ ግን ብዝያዳ ንሓቂ እፈቱ" ዝበሎ በዚ ኣረኣእያዚ ክምራሕ ይግባእ።

ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኩሉ ዓይነታት፡ ታሪኻዊ ጽሑፋት ምጽሓፍ ክተባባዕ ይግባእ። ምኽንያቱ ብዘይ መጻሕፍቲ ታሪኽ እንተ ደኣ ዘይሃልዩ፡ ናብ ቅሉዕ ዓይነታዊ ታሪኻዊ ጽሑፋት ክብጻሕ ስለ ዘይክኣል።

**ሳልሳይ ትዕዝብቲ፦** ንተመራማሪ ታሪኽን ኤርትራዊ ጸሓፊን ብሓባር ዘጋጥሙ ቀንዲ ጸገማት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1-ታሪኻዊ ሰነዳት ኣብ ኢትዮጵያ፡ የመን፡ ሱዳን፡ ምስሪ፡ ቱርኪ፡ ግሪኽ፡ ፖርቱጋል፡ ኢጣልያ፡ ብሪጣንያን ኣመሪካን ወዘተ. . . ፋሕ ዝበለ ብምዃኑ፡

2-መብዛሕትኦም ኣብ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ምንቅስቓሳት ዝተሳተፉ ኤርትራውያን ውልቀ ሰባት ተዘክሮታቶም ዘይምጽሓፎምን ካብኣቶም ብርክት ዝበሉ ብህይወት ዘየለዉን ምዃኖም።

**ራብዓይ ትዕዝብቲ፦** ኩሉ ሰነዳትን ሓበሬታን ናይ ምእካብ ሓላፍነት

1-መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ኣካላት ሕሉፍ፡ ሓድሽን ዘመናውን ታሪኻዊ ሰነዳት ናይ ምእካብ ሓላፍነት ኣሎዎም። ብሪጣንያን ኣመሪካን'ውን ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋን ከም ናይ ሃገር ምስጢር ዓቂበንኦ ዝጸንሓ ሃብታም ሓበሬታ፡ ሰነዳትን ጸብጻባትን ናጻ ገይረንኦ ኣለዋ።

2-ማእከላት ምርምርን መጽናዕትን ንኣብነት ማእከል ምርምርን ሰነዳን ኤርትራ፡ ማእከል ስትራተጂያዊ መጽናዕታት ኤርትራ ወዘተ. . . ሰነዳት ናይ ምእካብ ሓላፍነት ኣሎወን።

3-ተማሃሮ ታሪኽ'ውን ክእክብዎ ዝኽእሉ ታሪኻዊ ሰነዳት፡ ጸብጻባትን ሓበሬታን ግዜ ቅድሚ ምሕላፉ፡ ምስ'ቶም ኣብ'ቲ ፍጻመ ዝነበሩን ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ተራኣም ዘበርከቱን ኤርትራውያን ውልቀ ሰባት፡ ዘተታት ብምክያድ ካብ 1941 ክሳዕ 1961 ከምኡ ድማ ካብ 1961 ክሳዕ 1991 ዝነበረ ፍጻመታት ክሰንዱ ይግባእ።

## ካልኣይ ናይ ታሪኽ ዳይናሚክስ ንምርዳእ ዘጋጥም ጸገማት

(The problematics of Unerstanding the Dynamics of History)

ታሪኽ ኣንፈትን ዕላማን ዘሎዎ እንተ ደኣ ኾይኑ ዳይናሚካዊ መሰርሕ ታሪኽ ንምርዳእ ኣብ ዝግበር ትንተና ተለዋዋጥነት ታሪኽ ኣብ ምርዳእ ዘጋጥሙ ጸገማት ኣለዉ።

1-**ሃይማኖታዊ ጠመተ፦** መበቈል ሓሳብ ኣምላኽ ካብ ህላወ ታሪኽ ናይ'ቲ ሓሳብ ኣምላኽ ዝፈጠረ ሰብ'ዩ ዝጅምር። ኣምልኾ ኣብ ዝተፈላለየ ባህላዊ ተርእዮታት'ዩ ነይሩ። ስምዒታቱን ድሌታቱን ሓሳባቱን ፍርሃቱን ድማ ኣብኡ ገይርዎ። ብሓጺሩ ኣምልኾ ብሓደ ወገን መሰረት ህላወኡ፡ በቲ ኻልእ ድማ ናይ ጸበባኡ መፍትሒ ወሲድዎ። እንተኾነ ምስ ምምጻእ'ቶም ኣብ ምንቅስቓስ ታሪኽ ናይ ሓባር መረዳእታን ኣገላልጻን ዘሎዎም ሰለስተ ሰሙር ሃይማኖታት ማለት ኣይሁድነት፡ ክርስትናን ምስልምናን ግን ኣምላኽ ዝብል ሓሳብ ማዕቢሉ። እዚ ድማ ካብ'ቲ ኣብ ነንሓድሕዱ ተኣሳሲሩ ዝቐጸለ መሰረቱ'ዩ ዝብገሰ። ብመሰረት ኦሪት፡ ወንጌልን ቁርኣንን:

1-1-ናይ መጀመርታን መፈጸምታን ነዛ ዓለም ዝፈጠረን ዘንቀሳቕሰን ኣምላኽ ኣሎ።

1-2-ኣብ ዝተፈላለየ ታሪኻዊ መድረኻት ነብያትን ልኡኻት ኣምላኽን ንሰባት ምብሳርን ቅኑዕ መገዲ ናይ ምምሃርን ሓላፍነት ተሰኪሞም።

1-3-ወድ ሰብ ምስ ኩሉ ጣዕሙን ምረቱን ኣብ ስነ መጉት ጽድቅን ሓጥያትን ዝተመርኰሰ ብናይ ህይወን ሞትን ህላወ ተመኩሮ'ዩ ዝሓልፍ።

1-4-ብዛዕባ ህላወ፡ ቀጻልነትን ምብቃዕን ህዝብታትን ስልጣነታትን ናይ መጀመርታን መወዳእታን ዝውስን ከኣ እቲ ዓለምን ሰብን ዝፈጠረ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ።

1-5-ህይወት ዓለም ሓላፊ እዩ። ብድሕሪኡ ዝመጽእ ነባሪ ሰማያዊ ህይወት እዩ።

**2-ሚሳላዊ ጠመተ፦** ፈላስፋ ኣማኑኤል ካንት 1724 - 1804 “ታሪኽ ዓለም ናብ ናጽነት ገጹ ዝግስግስ ንቕሓት ጥራሕ’ዩ” ይብል። ካብ 1770 - 1831 ዝነበረ ፍረደሪክ ሄግል ብወገኑ፡ “ታሪኽ ማለት ወድ ሰብ ብዝለዓለ ደረጃ ልቦናን ናብ ናጽነትን ክግስግስ ከሎ እዩ፡’’ ይብል። ብኣረኣእያ ሄግል ” ታሪኽ ዓለም ንምዕባለ ንቕሓተ ሕሊናን ናጽነቱን፡ እዚ ናጽነት’ዚ ኣብ ትግባረ ምውዓሉን ይሕብር። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ኣብ ታሪኽ፡ ንቕሓት ናጽነት፡ ካብ ምልኪ ናብ ናጽነት ናይ ውሑዳት መሰል’ዩ (privilege) ዝብል፡ ስዒቡ ድማ፡ ናብ ወድ ሰብ ብባህሪኡ ናጻ’ዩ ዝብል ድልዱል ኣምር ይሰጋገር።’’

**3-ማርክሳዊ ኽልሰ ሓሳብ፦** ኣብ’ቲ ካርል ማርክስ 1818 - 1883 ዘብርሆ፡ ኣብ ክልሰ ሓሳብ ታሪኻዊ ነገርነት’ዩ ዝምርኰስ። እዚ ድማ ንምንቅስቓስ ታሪኽ በቲ ኣብ ትሕተ ቕርጺ ቊጠባዊ ባይታ ዝካየድ ናይ ደርብታት ውድድር’ዩ ኢሉ ይገልጾ። ንላዕለዋይ ቅርጹ ዝገልጽ ናቱ ክብሪ፡ ባህሊ፡ ካልእ ልስሉስን ተሪርን መሳርሒታት ስልጣን ዘሎዎ ፖለቲካዊ ስርዓት ሒዙ ድማ ካብ ፍልመ ዴስነት ብመስፍንነት፡ ርእሰ ማልነት፡ ማሕበርነትን ሓሊፉ ናብ ዴስነት ይሰጋገር ይብል።



ኦስፋልዳ ሸበንጋለር

**4-ብስነ-ሂወታዊ ጠመተ፦** *ኦስዋልዳ ሸበንጋለር* 1880 - 1936 *ንምንቅስቓስ ታሪኽ ብስነ ህወታዊ ኣገባብ'ዩ ዝገልጾ። ስለዚ ኸኣ ታሪኽ ካብ ቍልዕነት ጀሚሩ ብጉብዝናን ምሉእ ሰብኣይን ሓሊፉ ብእርጋን የብቅዕ ይብል።*

**5-ቶይንባዊ ጠመተ፦** *ጸሓፊ ኣርኖልድ ቶይንቢ* (Arnold Toynbee 1889-1975) *ንምንቅስቓስ ታሪኽ ብመገዲ ክልሰ ሓሳብ "መኸተን መልስን" ብምትንታን ናብ ስነ ኣእምሮኣዊ ስነ ፍልጠት'ዩ ከይዱ።*



ኣርኖልድ ተዊነቢ

**6-ባህርያዊ ጠመተ፦** *ገለ ናይ ታሪኽ ፈላስፋታት ንኣርባዕተ ባህርያዊ ወቕታት ምስ ምንቅስቓስ ታሪኽ የተኣሳስርዎ እዮም። ብኻልእ ኣዘራርባ ታሪኽ ወድ ሰብ በቲ ጽግያት ንኽመጽእ ባይታ ዝፈጠረ ኣርባዕተ ታሪኻውያን መድረኻት ማለት ጽድያት (ኣየት)፡ ቀውዒ፡ ሓጋይን ክረምትን ዝግዛእ'ዩ ይብሉ።*

**7-ናይ ስልጣነ ጠመተ፦** *ሳሙኤል ሃንቲንቶን* Samuel Huntington 1927-2008 *ኣብ'ቲ "ምርጻም ስልጣነታትን ዳግመ ምምዕርራይ ኣህጉራዊ ስርዓትን" ዝብል መጽሓፉ ንውድድር ስልጣነታት ከም ኣንቀሳቓሲ ታሪኽ ይገልጾ። ኣመሪካዊ ተመራማሪ ሃንቲንቶን፡ ድሕሪ ምሕቃቕ ሕብረት ሶቬት ነበርን ዘመነ ስነ ሓሳብ ሓንሳብን ንሓዋሩን ድሕሪ ምብቅዑን፡ ብውድድር ኣረጊትን ሓድሽን ዝግዛእ ሓድሽ ዘመን ውድድር ስልጣነታት ተተኪኡ'ዩ፡ ዝብል እምነት ኣሎዎ። ብኣጠማምታኡ፡*

1-ታሪኽ ወድ ሰብ ናይ ስልጣነታት ታሪኽ እዩ። ስለ'ዚ ኸኣ ንታሪኽ ወድ ሰብ ብፍጹም ካብዚ ብዝተፈልየ ኣገባብ ክንሓስቦ ኣይግባእን፡'' ይብል።

2-ቀንዲ ዘመናውያን ስልጣነታት ከኣ፦

2-1-ስልጣነ ቻይና

2-2- ስልጣነ ጃፓን

2-3- ስልጣነ ህንዲ

2-4- ስልጣነ ምስልምና

2-5- ምዕራባዊ ስልጣነ

2-6- ስልጣነ ላቲን ኣመሪካ



ሳሙኤል ሃንቲንግቶን

1-''ዓለም ብመሰረት ስልጣነታት ክትውደብ'ያ፣ ወይ'ውን ፈጺማ ኣይክትውደብን'ያ። ብቐዳምነት ግን ካብ ምርጻም ንምድሓንን ናብ ባርባራውነት ንኸይትምለስን ነገራት ኣብ ውሽጢ ስልጣነታትን ኣብ መንጎ ስልጣነታትን ክስርዑ ይግባእ፡'' ይብል።

2-ኣብ'ዚ ብዙሕነት ስልጣነታት ዘሎዋ ዓለም፡ እቲ ሚሳላዊ ውድዕነት ዝበሃል፡ ካብ'ተን ቀንዲ ስልጣነታት፡ ነፍሰ ወከፍ ስልጣነ እንተ ወሓደ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ቀዋሚ መንበር ክህልዋ እንክሎ እዩ።

3-ብኣህጉራዊ ደረጃ ስልጣነታት ብብዙሕ ሸነኻቱ ንባርባራዊ ተግባራት ኢዱ ዝህብ ዘሎ'ዩ ዝመስል። እዚ ድማ ንወድ ሰብ ናብ ጸልማት ዓለም ዘእቱ ተርእዮ እዩ።

4-እቲ ዝዓበየ ሓደጋን ንናይ ዓለም ሰላም ዘሰግእን ምርጻም ስልጣነታት እዩ። ኣንጻር ኩናት ዓለም ርጉጽ ውሕስነት ዝህብ ድማ ኣብ ምክብባር ስልጣነታት ዝተሰረተ ዓለማዊ ስርዓት እዩ። ሳሙኤል ሃንቲንቶን ግን ነዚ ብፍላጥ ሰሪዝዎ እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ስልጣነታት ምትእትታው ከም ዘሎን ኣብዛ ኣብ እዋን ዓውለማ (ግሎባላይዘሽን) ብሓድሽ ስነ መጉት እትግዛእ ዓለም፡ ንብዙሕነት ስልጣነታት ዝሰርዝ፡ ኣሃዳዊ ስልጣነ ይቕልቀል ከም ዘሎ ዝተዓዘቦ ኣይመስልን። ስለ'ዚ ኸኣ እዚ ተርእዮ'ዚ ንኽልሰ ሓሳቡ ካብ መሰረቱ ውዱቕ ዝገብሮ እዩ።

## ሳልሳይ፦ መፈጸምታ ታሪኽ መጀመርታ ታሪኽ

ተመራማሪ ፍራንሲስ ፉኩያማ (Francis Fukuyama 1952- ) "ሓፈሻዊ መረዳእታ፡ ታሪኽ ዝፍጸም ፍጻመ'ዩ" ዝብል። ብዙሓት ነቲ ኣብ "መፈጸምታ ታሪኽ" ዘርእስቱ መጽሓፉ፡ ብሰንኪ ምድርራብ ፍጻመታት ዝገለጾ ግጉይ ሓሳብ፡ ገለ ሰባት ከም ርጉጽ ክወስድዎ ምፍታኖም ይጠቅሱ።



ፍራንሲስ ፎኮያማ

ፉኩያማ መፈጸምታ ታሪኽ ክብል እንከሎ፡ ታሪኻዊ ፍጻመታት ኣየጋጥሙን'ዮም ማለቱ ዘይኮነስ፡ ሕመረት ሓሳቡ ታሪኽ ናይ መወዳእታ መልክዑን ትሕዝቶኡን ክሕዝ'ዩ ማለቱ እዩ። ብኣገላልጻ ፉኩያማ መፈጸምታ ታሪኽ ማለት፡ ስነ ሓሳባዊ ምዕባለ ወድ ሰብን ሉኣላውነት ምዕራባዊ ሊበራላዊ ደሞክራስን ኣብ ምልእቲ ዓለም ምርግጋጽ እዩ። እዚ ሓሳብ'ዚ ድማ ሓድሽ ዘይኮነስ ካብ እዋን ካንትን ሄግልን ዝጀመረ እዩ።

ብመሰረት መግለጺ ፋኩያማ ታሪኽ ከም ሕጽረት ባጀት፣ ዝቕባበ፣ ብልሽውና፣ ገበናትን ዕዳጋ ዕጸ ፋርስን ዝኣመሰሉ "ንናጻ ደሞክራሲታት" ዘጋጥም ዘሎ ጸገማት ኣብ ውሽጢ'ቲ ስርዓት ንምፍታሑ ናብ ዘይክኣለሉ ደረጃ ክሳብ ዘይበጽሐ ከም "ግርጭት" ዝቑጸር ኣይኮነን። እንተኾነ ብኣንጻሩ ፍራንሲስ ፋኩያማ፣ ነቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ንኻልኦት ስልጣነታት ዝሰርዘን ንነብሱ ናይ ሽቶታት ሽቶ ዝቖጽርን ጉዳይ ኣሃዳዊ ዓለማዊ ስልጣነ ከምቲ ደራሲ ኣርኖልድ ቶይንቢ ዝበሎ፣ ደድሕሪ "ዘይጭበጥ ሕልሚ" ምጉያይ ካብ ምኻን ስለ ዘይሓልፍ ኣቓልቦ ኣይህበሉን እዩ።

## ራብዓይ፦ ታሪኽ ኣብ ኣህጉራዊ ዓውለማ

ብሳላ መርበብ ኢንተርነትን ዝተፈላለየ ማሕበራውን ኤለክትሮናዊ መራኸቢታትን ትዊተር፣ ኣንስተግራም፣ ዩቱዩብ፣ ጎግልን ያሁን ወዘተ. . . ተክኖሎጅያውን ሓበሬታውን ሰውራ፣ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ዶባትን ብምቍራጽ ንህዝብታት ብምርኻብ ንዓለምና ናብ ንእሽቶ ዘመናዊት ቍሸት ከም እትቕየር ገይሩዋ ኣሎ። እዚ ምዕባለ'ዚ ኣገልግሎት ሳተላይታት ንሰባት ኣብ ምርኻብ ዝህልዎ ግደ ዘራጉድ'ዩ። እንተኾነ እዚ ኹነት'ዚ ኣብ ውሽጡ ኣዎንታዊ ውጽኢታትን ኣሉታዊ ሳዕቤንን ዘሎዎ እዩ።

### ገለ ምልክታት ዓውለማን ጸገማቱን

1-ሃገራት ውሽጣዊ ጉዳያተን ናጻ ኮይነን ከመሓድራ ኣብ ዘይክእላሉ ደረጃ ተበጺሑ ኣሎ። ጉዳይ ሃገራት ንኹሎም ደቂ ሰብ ዘገድስ ኮይኑ ይርከብ። እቲ ብሃገራት ምዕራብ ብመሪሕነት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብሓደ ወገን፣ በቲ ካብ ፖለቲካዊ፣ ቍጠባውን ጂኦስትራተጅያውን ሕሳባት ናይ'ተን ሓሙሽተ ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ው.ሕ.ሃ. ተበጊሱ ብድርብ መለክዒታት ዝሰርሕን ብባይቶ ጸጥታ ዝውክልን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ በቲ ካልእ፣ ኣብ ልዕሊ ገለ ሃገራት ዝፍጽምዎ ፖለቲካዊ ኩነኔ፣ ቍጠባዊ እገዳን ዲፕሎማስያዊ ከበባታትን ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። እዚ ኹኣ ንተራን ዕማምን ናይ'ቲ ንኹለን ሃገራት ዓለም ዝውክል ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዝለዓለ ደረጃ ኣልሚስዎ ይርከብ።

2-ቍጠባ ኣህጉራዊ ዓውለማ ብውሑዳት ዝተፈላለየ ዜግነታት ዘሎወን ኩባንያታት ተባሒቱ ይርከብ። እቲ ዘደንጹ ድማ 2153 ውልቀ ሰባት ካብ'ቲ ኣስታት 7.5 ቢልዮን ህዝቢ ምልእቲ ዓለም ዘውንኖ ጸጋ፣ 60 ሚኢታዊት ንሳቶም ዝብሕትዎ ምኳኖም እዩ።

3-ብ1991 ሕብረት ሶቬት ነበር ምስ ፈረሰት፣ እታ ነቲ ድሕሪ ኻልኣይ ኩናት ዓለም ዝተቓልቀለ ክልተ ደምበታት፣ ርእሰማላዊ ደምበ ብመሪሕነት ኣመሪካን ማሕበርነታዊ ደምበ ብመሪሕነት ሕብረት ሶቬትን ዝነጸገት ኣመሪካ ኣብ ዓለም ንሓጺር ግዜ ኣሃዳዊ ስርዓት ኣቑማ። እዚ ግን ከምቲ ፍረደሪክ ሄግል ዝበሎ ናይ ''ናይ ተቓውሞ ተቓውሞ'' (Negation of Negation) ስለ ዝኾነ፣ ኣፍ ደገ ብዙሕነት ዓለማዊ ስርዓት ዝኸፍት ክኸውን እዩ።

4-እዞም ኣብ ቻይና፣ ሩሲያን ህንድን ዝቕልቀሉ ዘለዉ ሓደስቲ ስርዓታት ድማ ኣብ ክሊ ሓደ ስልጣነ ወድ ሰብ ብብዙሕነት ስርዓታት ዝግዛእ ሓድሽ ታሪኻዊ መድረኽ ከም ዝጀመረ ዝእንፍቱ እዮም።

5-ኣብ መንጎ ደቂ ሰብ ንምንቅስቓስ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ዝገዝእ መትከላት ብዝምልከት ዳርጋ ናይ ሓባር ስምምዕ ኣሎ። እዚ መትከላት'ዚ ብኸምዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይከኣል።

5-1- ብመሰረት ብዙሕነት ሰልፍታትን ትካላዊ ምምሕዳርን ቀዋማዊ ሰረትን ደሞክራስያውያን ስርዓታት ንኽቀሙ ምሕጋዝ።

5-2- ኣርባዕቲኦም ስልጣናት፣ ፈጻሚ፣ ሓጋጊ፣ ፍርዳውን ዜናውን ካብ ንሓድሕዶም ምፍላይ።

5-3- ናይ ዕዳጋ ቍጠባ ምሕያል።

5-4- ማሕበራዊ ፍትሒ ምርግጋጽ።

5-5- ኣብ ንጥፈታት መንግስቲ ግሉጽነት ምርግጋጽ።

5-6- ንኹሎም ላዕለዎት፣ ማእከሎትን ታሕትዎትን ትካላት መንግስቲ ምቍጽጻርን ምትሕስሳብን።

5-7- ሰብኣዊ መሰል ምኽባር።

5-8- መሰል ውሑዳት፣ ማሕበራዊ ይኹን ሃይማኖታዊ ወይ ባህላዊ ወዘተ. . . ምኽባር።

5-9- ተራ ሲቭላዊ ማሕበረ ሰብ ምዕዛዝ፣ ነቶም ከም ጸሓፍቲ፡ ስነ ጥበበኛታት፡ ጠበቓታት፡ ደቀንስትዮ፡ ሰራሕተኛታት፡ ሓረስቶት፡ ኣስራሕቲ፡ ተማሃሮ ወዘተ. . . ዝኣመሰሉ ናይ ሞያ ማሕበራት ምንጥጣፍ።

እንተዀነ እዚ መትከላት'ዚ ኣብ ውሽጡ እዚ ዝስዕብ ግርጭታት ዝሓቑፈ እዩ።

1-ናይ ዕዳጋ ቍጠባ ብቐጥታ ውሑዳት ንብዙሓት ከም ዝቈጻጸሩ ክገብር እንከሎ፡ ደሞክራሲ ግን ውሑዳት ብርእይቶን ውሳነን ብዙሓት ከም ዝግዝኡ'ዩ ዝገብር።

2-ማሕበራዊ ፍትሒ ብመትከል ኣብ መንጎ ኹሎም ማሕበራውያን ቀጸላታት ምዕሩይነት ንምፍጣርን ደርባዊ ፍልልያት ንምእላይን ዝዓለመ እዩ። ኣብ'ዚ እቲ ዓቢ ሽግር ኣብ መንጎ'ዚ ተገራጫዊ ኣረኣእያታት'ዚ ብኸመይ ምውህሃድ ይፍጠር ዝብል'ዩ።

3-ብዙሕነት ሰልፊታት ኣብ ገለ ሃገራት ዓለም ዓሌታውን ቀቢላውን ብዙሕነት ወዘተ. . . እናሰረጸ ብምኻዱ፡ ንህንጸት ገለ ማሕበረ ሰባት ኣዘናቢሉ፣ ንህላወ ገለ ሃገራት ድማ ዘሰግእ ኮይኑ'ሎ። እቲ ዝዓበየ ጸገም ንኹሉ እንተታት ክፉት ኣብ ዝዀነን ኣብ ታሪኻዊ ሽግር ዝርከብ ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ንዘሎ ግርጭታት ምውህሃድ ምፍጣር ኣሸጋሪ ኮይኑዎ ምህላዉ እዩ።

## ሃንደበትነት ታሪኽዶ ወይስ "ጐራሕ ታሪኽ"

ምንቅስቓስ ታሪኽ ንምርዳእ ካብ ዘሸግሩ ጸገማት፡ ምስ ካብ ነንሓድሕዱ ዘይፈላለ ኣርባዕተ ዕምቈታት ምትእስሳሩ እዩ።

**ቀዳማይ** ዕምቈት፦ ላህመታዊ ኮይኑ፡ ንባዕሉ እቲ ፍጻመ እዩ።

**ካልኣይ** ዕምቈት፡ ምርዳእ ዕላማን ናይ'ቲ ፍጻመ መወዳእታ ምፍላጥን እዩ። **ሳልሳይ** ድማ፡ መን ንትግባረን ውጥንን ሓሳብን ናይ'ቲ ፍጻመ ይውስን እዩ። እዚ ድማ ፕረዚደንት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ንጉስ፡ ሰልፍታት፡ ፖለቲካውያን ሓይልታት፡ ልፍንታዊ ሰልፊታት ወይ መንግስታት ክዀኑ ይኽእሉ።

**ራብዓይ** ከኣ ውጽኢት ፍጻመ፡ መልስን መልሰ ተግባርን፡ ርኢይን ጉናውን፡ ቀጥታዊ ወይ ዘይቀጥታዊ ሳዕቤን ማለት እዩ። ኣብ ታሪኻዊ መስርሕ ብንቕሓት ይኹን ብዘይንቕሓት ኣብ ህዝቢ ዘጋጥም ኣሉታዊ ይኹን ኣዎታዊ ኩነት የጠቓልል። ከምቲ ፍረደሪክ ሄግል ዝገለጾ፡ ኣብ መወዳእታ መስርሕ ኣእምሮኣዊ ምዕባለ ወድ ሰብ የንጸባርቕ።

1-ታሪኽ ዋዒ፡ ህድኣትን ድስካለን ኣይፈልጥን እዩ። ከም'ቲ ሄራክሊቱስ ዝበሎ፡ ''ብዘይካ ለውጢ ነባሪ ነገር የልቦን፡'' (Thus Heraclitus's idea «nothing is permanent except change.") ንኹሉ ምስጢራቱ ከየቃልዐ ኣብ ቀጻሊ ምንቅስቓስ'ዩ ዝርከብ። እዚ ድማ ኣብ ጉርሒ ዝተመስረተ ዘይኮነ "ሃንደበትነት" ታሪኽ ክሰርሕ ከም ዘብቅዖ'ዩ ዝሕብር። ከም ዝፍለጥ "ሃንደበትነት ታሪኽ" ተወሊዱ ቀስ እናበለ ክሳብ ናብ'ቲ ወሳኒ ደረጃ ዝበጽሕ ዝዓቢ ስለ ዝኾነ ከም ሓቂ ብትሕዝቶኡ ሃንደበትነታዊ ኣይኮነን። ብመገዲ ፍዚክስ ዘይኮነስ፡ ብፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቍጠባውን ስነ ኣእምራውን ንዝተኣከበ መጠን ብዝሒ ናብ ዓይነት ዝልውጥ እዩ። እንተኾነ ታሪኻዊ ሃንደበትነት ኣብቶም ካብ ጸገማትን መጉትን ርሒቖም ኣብ ፖለቲካዊ ነፍሰ ፍትወት ዝነብሩ መራሕቲ ውድባትን ሰልፊታትን'ዩ ዝፍጸም። በዚ ምኽንያት ከኣ ምልዕዓላትን ምትኳስ እሳተ ጉመራዊ ሰውራታትን ምስ ኣጋጠመ፡ ማለት እቲ ዝፍጸም ምስ ተፈጸመ ጥራሕ'ዩ ዝበራበር።

2-ታሪኽ ብመልክዕ ቀኑዕ ሕንጻጽ ብትኽ ዝበለ መስመር ዝጉዓዝ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ታሪኻዊ ፍጻመታት ብመልክዕ ሽቦኣዊ/ሞላኣዊ (Spiral) ምንቅስቓስ'ዩ ዝምዕብል። ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ ፍጻመ ግን ነገራት ንድሕሪት ዝጉዓዝሉ እንተኾነ ከም ናይ መጀመርታኦም ዘይኮኑሉ ኹነት የጋጥም እዩ። እዚ ድማ ከምቲ ሄራቅሊጡስ (Heraclitus) "ኣብ ሓደ ብቐጻሊ ዝውሕዝ ፈለግ፡ ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ሳዕ ምሕምባስ ኣይከኣልን''ዝበሎ እዩ። ታሪኽ'ውን ናብ'ቲ ናይ መጀመርታ መበገሲ ነጥቢ ከቶ ኣይምለስን እዩ።

3-ኩሎም ታሪኽ ዝሰርሑ ፖለቲካውያን፡ ስነ ጥበባውያን፡ ማሕበራውያን ምሁራንን ውልቃውያንን ሓይልታት፡ ንገዛእ ርእሶም ፍረ ናይ ጥንታውን ዘመናውን ምንቅስቓስ ታሪኽ እዮም። ቅድሚ ሃገራውን ኣህጉራውን ምንቅስቓስ ታሪኽ ናብ መወዳእታ ታሪኻዊ መድረኹ ምብጽሑን ጉዕዞ ታሪኽ ብሓድሽ መጉታዊ ታሪኽ ምትክኡን፡ ፍሉይን ሓፈሻውን ሓድሽ ታሪኽ ንኽሰርሑ ብቕዓት ኣሎዎም።

**መዘኻኸሪ፦** እዚ ውሑድ ተወሳኺታት ዝተገብረሉ ወረቐት'ዚ፡ ብ5 ግንቦት 2001 ተዳልዩ ናብ'ቲ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ ባህላዊ ሰሚናር ንኽትዕ ዝቐረበ'ዩ።